# ዩኔስኮ

## ናይ ሕቡራት ሃገራት ውድብ ትምህርቲ፣ ስነ-ፍልጠትን ባህልን

# ውዕል ዕቃበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ

*ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ውዕል*

*ሕጋጋት ኣካይደዳ ሓፈሻዊ ባይቶ ናይተን ናይዚ ውዕል ኣባላት ዝኾና ሃገራት*

*ሕጋጋት ኣካይደዳ ናይ በይነ-መንግስታዊ ኮሚቴ ንምዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ*

ጥቅምቲ 2007

እዚ ጽሑፍዚ ውዱእ ስለዘይኮነ ዘለኩም ርእይቶ ኣስፊርኩም ክትመልሱልና ብትሕትና ንሓትት፡፡
ቤት ጽሕፈት ባህላዊ ጉዳያት
ምኒስትሪ ትምህርቲ ፡
ቁ..ሳ. 3093
ኣስመራ

# ውዕል ዕቃበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ

*ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ውዕል* . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . *ገጽ 3*

*ሕጋጋት ኣካያይዳ ናይ ሓፈሻዊ ባይቶ ናይተን ናይዚ ውዕል ኣባላት ዝኾና ሃገራት* . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . *ገጽ 13*

*ሕጋጋት ኣካያይዳ ናይ በይነ-መንግስታዊ ኮሚቴ ንምዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ* . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . *ገጽ 17*

ጥቅምቲ 2007

# ውዕል ዕቃበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ

ፓሪስ፣ 17 ጥቅምቲ 2003

ሓፈሻዊ ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ውድብ ትምህርቲ፣ ስነ-ፍልጠትን ባህልን፣ ካብዚ ስዒቡ ዩኔስኮ ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ኣብቲ ኣብ ፓሪስ፣ ካብ 29 መስከረም ክሳብ 17 ጥቅምቲ ዝካየዶ መበል 32 ኣኼባኡ፣

ንህሉው ኣህጉራውያን ወግዓውያን ሰነዳት ሰብኣዊ መሰላት፣ ብፍሉይ ድማ ንናይ 1948 ኣድማሳዊ ኣዋጅ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት፣ ንናይ 1966 ኣህጉራዊ ውዕል ኣብ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት፣ ከምኡ እውን ንናይ 1966 ኣህጉራዊ ስምምዕ ኣብ ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ብምውካስ፣

ነቲ፣ ብናይ 1989 ናይ ዩኔስኮ ለበዋ ንምዕቃብ ያታዊ ባህልን ዝተወርሰ ቀቢላዊ ፍልጠታትን፣ ብናይ 2001 ናይ ዩኔስኮ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ኣብ ባህላዊ ብዙሕነትን ኣብቲ ኣብ 2002 ብሳልሳይ ዙርያዊ ዘተ ሚኒስተራት ባህሊ ብዝጸደቐ ናይ ኢስታንቡል ኣዋጅን ንዝጎልሐ፣ ኣገዳስነት ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ከም ኣንቀሳቓሲ ድርኺት ባህላዊ ብዙሕነትን ዋሕስ ነባሪ ምዕባለን ኣብ ግምት ብምእታው፣

ነቲ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ምስ ተጨባጢ ባህላውን ተፈጥሮኣውን ውርሻታት ዘለዎ ዓሚቕ ዝሰረቱ ሓድሕዳዊ ምምርኳስ ኣብ ግምት ብምእታው፣

ልክዕ ከምቲ ተርእዮ ዘይምጽወዋር ዘኸትሎ ሳዕቤን፣ እቶም መስርሓት ናይ ዓውለማነትን ማሕበራዊ ምልውዋጥን ጎድኒ ጎድኒ እቶም ብኣኣቶም ዝፍጠሩ ኩነታት ናይ ዝተሓደሱ ዝርርባት ኣብ መንጎ ማሕበረሰባት፣ እንተኾኑ እውን ብወገኖም፣ ኣስጋኢቲ ሽግራት ናይ ምብልሻው፣ ምጥፋእን ምዕናውን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ብፍላይ ድማ ብሰንኪ ሕጽረት ጸጋታት ከምዚ ዓይነት ውርሻ ንምዕቃብ ዘምጽኦ ሳዕቤን ብምግንዛብ፣

ንናይ ወዲ-ሰብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ኣብ ምዕቃብ፣ ኣድማሳዊ ተበግሶን ሓባራዊ ተገዳስነትን ከምዘሎ ብምርዳእ፣

ማሕበረ ሰባት፣ ብፍላይ ድማ ደቀባት ማሕበረሰባት፣ ጉጅለታትን ኣብ ገለ ገለ ኩነታት ድማ ውልቀሰባትን፣ ኣብ ምብዛሕ፣ ምሕላው፣ ምዕቃብን ዳግመ-ፈጠራን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ከምኡ ብምግባር ድማ፣ ባህላዊ ብዙሕነትን ሰብኣዊ ፈጠራውነትን ኣብ ምህብታም፣ ዝጻወትዎ ተራ ብምልላይን

ንርሑቕ-ዝበጽሕ ጽልዋ ንጥፈታት ዩኔስኮ ኣብ ምፍጣር ደረጃ ዝኾነ ሕጋዊ ሰነዳት ንምክልኻል ባህላዊ ውርሻ፣ ብፍሉይ ድማ ነቲ ናይ 1972 ስምምዕ ንምክልኻል ዓለማዊ ባህላውን ተፈጥሮኣውን ውርሻታት፣ ብምግንዛብ፣

ዝኾነ ይኹን ቀያዲ ዝኾነ፣ ብዙሕ-ወገናዊ ሕጋዊ ሰነድ ንዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ክሳብ ሕጂ እዋንዚ ከምዘየለ ብተወሳኺ ብምግንዛብ፣

እቶም ንባህላውን ተፈጥሮኣውን ውርሻታት ዝምልከቱ ህሉዋት ዓለምለኻውያን ውዕላት፣ ለበዋታትን ውሳኔታትን ብመንገዲ፣ ንረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ዝምልከቱ ሓደስቲ ሕጋውያን ጥቕስታት፣ ብኣድማዒ ከም ዝህብትሙን ዝድገፉን ምግባርም ኣድላይነት ከም ዘለዎ ኣብ ግምት ብምእታው፣

ንኣገዳስነትን ዕቃበን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ብዝምልከት ዝሰፍሐ ኣፍልጦ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መንእሰያት ወለዶ፣ ምምስራት፣ ኣድላዪ ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፣

ማሕበረ ሰብ ዓለም፣ ምስ ተወዓዓልቲ ሃገራት ናይዚ ውዕልዚ ብምዃን፣ ምትሕብባርን ሓባራዊ ምትሕግጋዝን ብዝዓብለሎ መንፈስ፣ ኣብ ምዕቃብ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ውርሻ፣ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዘለዎ ኣብ ግምት ብምእታው፣

ምስ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ዝተኣሳሰሩ ፕሮግራማት ዩኔስኮ፣ ብፍላይ ድማ ኣዋጅ ናይ ብሉጻት ስርሓት ናይ ኣፋውን ረቂቕን ውርሻታት ወዲ ሰብ፣ ብምዝካር፣

ሓድሕዳዊ ምትሕቝቛፍ ደቂ ሰባትን ኣብ መንጎኦም ዝህሉ ምልውዋጥን ንምርግጋጽ ከም ረቛሒ ኮይኑ፣ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ንዝጻወቶ ኣዝዩ ዕዙዝ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው፣

ኣብዚ ሻብዓይ መዓልቲ ናይ ጥቅምቲ 2003 ኸዚ ስምምዕ ኣጽዲቑዎ ኣሎ።

# 1. ሓፈሻዊ ዓንቀጻት

## ዓንቀጽ 1፡- ዕላማታት ውዕል

ዕላማታት ናይዚ ውዕል ከምዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

ሀ. ንረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ምዕቃብ፣
ለ. ኣብ ልዕሊ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ናይ ዝምልከቶም ማሕበረሰባት፣ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ንዝህሉ ክብረት ምርግጋጽ፣
ሐ. ናይ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ኣገዳስነትን ንዑኡ ዝምልከት ሓባራዊ ምክብባር ኣብ ምርግጋጽን፣ ብደረጃ ዞባ፣ ሃገርን ኣህጉርን ኣፍልጦ ምዕባይ፣
መ. ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ምትሕብባርን ምብርካት።

## ዓንቀጽ 2፡- ኣተረጓጉማ

ንዕላማታት ናይዚ ውዕል እዚ፡-

1. "ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ" ማለት፣ እቶም ማሕበረሰባት፣ ጉጅለታትን ሓደ ሓደ እዋናት እውን ውልቀሰባትን፣ ከም ኣካል ባህላዊ ውርሻኦም ዝርእይዎም፣ ተግባራት፣ ውክላታት፣ መግለጺታት፣ ፍልጠት፣ ጥበባት - ከምኡ እውን መሳርሒታት፣ ኣቕሑት፣ ኢደ-ስርሓትን ምስኦም ዝተሓሓዙ ባህላውያን ስፍራታት - ማለት እዩ። እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ማሕበረሰባትን ጉጅለታት ከም ግብረ መልሲ ንኣከባቢኦም፣ ምስ ተፈጥሮን ታሪኾምን ዘለዎም ምትሕውዋስን፣ ብቀጻሊ ደጊሞም ዝፈጥርዎ ኮይኑ፣ ትርጉም መንነትን ቀጻልነትን ስለዝህቦም፣ ንምክብባር ባህላዊ ብዙሕነትን ሰብኣዊ ፈጠራውነትን የደንፍዕ። ንዕላማታት ናይዚ ስምምዕ እዚ፣ እቲ ኣቓልቦ ዝወሃቦ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ምስ ህሉዋት ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕጋውያን ሰነዳት፣ ከምኡ እውን ምስ ጠለባት ናይ ሓባራዊ ምክብባር ኣብ መንጎ ማሕበረሰባት፣ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን፣ ዘጻንሕ ምዕ ባለን ዝሳነ ምስ ዝኾውን ጥራይ እዩ።
2. "ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ"፣ ከምዚ ልዕል ኢሉ ኣብ ሕጡብ ጽሑፍ 1 ዝተተርጎመ፣ ኣብ መንጎ ካልኦት፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ዓውደ ፍልጠታት ይርኤ፡-

   ሀ. ንቛንቛ ከም መተሓላለፊ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ዘጠቓልል ኣፋዊ ያታታትን መግለጺታትን
   ለ. ትርኢታዊ ስነ-ጥበባት፣
   ሐ. ማሕበራዊ ልምድታት ጽንብላትን በዓላዊ ፍጻሜታትን፣
   መ. ንተፈጥሮን ኣድማስን ዝምልከት ፍልጠትን ልምድታትን፣
   ሰ. ያታዊ ኢደ ጥበባት።
3. "ምዕቃብ" ማለት ንተኽእሎ ቀጻልነት ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ኣብ ምርግጋጽ ዝዓለሙ ስጉምትታት ኮይኖም፣ ንምልላይ፣ ምስናድ፣ ምርምር፣ ምዕቃብ፣ ምክልኻል፣ ምድፋእ፣ ምስሳን፣ ምትሕልላፍ፣ ብመንገዲ ስሩዕን ዘይስሩዕን ትምህርቲ፣ ከምኡ እውን ዳግመ-ምብርታዕ ናይ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ውርሻ ዘጠቓልል እዩ።
4. "ኣባላት ሃገራት" ማለት ድማ እተን በዚ ውዕል እዚ ዝተጸምዳን እዚ ውዕል እዚ ድማ ኣብ መንጎአን ተግባራውነት ዘለዎን ሃገራት ማለት እየን።
5. እዚ ውዕል እዚ፣ ኣድላዪ ዝርዝራዊ ምቅይያራት ምስ ተገብረሉ፣ እተን ኣብ ዓንቀጽ 33 ተጠቒሰን ዘለዋ ግዝኣታት፣ ብመሰረት ኣብቲ ዓንቀጽ ዝተጠቕሰ ኩነታት፣ ኣባላት ናይዚ ውዕል ምስ ዝኾና፣ ኣብ ልዕሊኤን ተግባራውነት ኣለዎ። ብኡኡ መጠን ድማ እዚ "ኣባላት ሃገራት" ዝብል ቃል መግለጺ፣ ነዘን ዝተጠቕሳ ግዝኣታት እውን ዝምልከት እዩ።

### ዓንቀጽ 3፡- ምስ ካልኦት ኣህጉራዊ ሕጋውያን ሰነዳት ዘለዎ ዝምድና

ገዛኢ ይኹን ኣብዚ ውዕል እዚ ዝርከብ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ክትርጎም የብሉን፡-

(ሀ) ናይ'ቲ፡ ሓደ ካብ ንጥብታት ናይ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ብቐጥታ ምስኡ ዝተሓሓዝ፡ ናይ 1972 ውዕል ብዛዕባ ምክልኻል ዓለማዊ ባህላውን ተፈጥሮኣውን ውርሻታት ተጠቒሱዎ ዘሎ ናይ ባእታታት ዓለማዊ ውርሻታት ልዕልነት ክም ዝልውጥ ወይውን ደረጃ ምክልኻል ክም ዘንኣእስ።

(ለ) ነቲ ኣባላት ናይ ኣህጉራውያን ሰነዳት ሕጊ ብምኽንያን ካብኡ ዝረኽብኦ፡ መሰላት ኣእምሮኣዊ ንብረት ወይውን ኣጠቓቕማ ናይ ስነ-ሂወታውን ኢኮሎጂያውን ጸጋታት፡ ናይ ኣባላት ሃገራት ክም ዝጸልው።

## 2. ኣካላት ውዕል

### ዓንቀጽ 4፡- ሓፈሻዊ ባይቶ ናይ ኣባላት ሃገራት

1. ካብዚ ንደሓር "ሓፈሻዊ ባይቶ" ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ናይ ኣባላት ሃገራት ድማ በዚ መሰረት ቆይሙ ኣሎ። እዚ ሓፈሻዊ ባይቶ እዚ ድማ፡ ዝለዓለ ገዛኢ ኣካል ናይዚ ውዕል እዩ።
2. እዚ ሓፈሻዊ ባይቶ እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት፡ ንስሩዕ ኣኼባኡ ይእከብ። ንክእከብ እንተደኣ ወሲኑ፡ ወይ ድማ ብመሰረት ጠለብ ናይ በይነ-መንግስታዊ ኮሚቴ ንምዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ወይውን ብጠለብ ናይ ብውሑዱ 1/3 ቁጽሪ ኣባላት ሃገራት፡ ዘይስሩዕ ኣኼባ ክካይድ ይኽእል።
3. እዚ ሓፈሻዊ ባይቶ እዚ፡ ናይ ባዕሉ ሕጋጋት ኣካያይዳ የጽድቕ።

### ዓንቀጽ 5፡- በይነ-መንግስታዊ ኮሚቴ ንዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ

1. በይነ-መንግስታዊ ኮሚቴ ንዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፡ ካብዚ ስዒቡ "ኮሚቴ" ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ኣብ ውሽጢ ዩኔስኮ ተመስሪቱ ኣሎ። እዚ ውዕል እዚ፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 34፡ ኣብ ተግባር ድሕሪ ምውዓሉ፡ ኣባላት ሃገራት ኣብ ዘካይደኦ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ብዝተመርጹ፡ ወከልቲ ናይ 18 ኣባላት ሃገራት ድማ ይቐውም።
2. ቁጽሪ ኣባላት ሃገራት ናይዚ ውዕል እዚ፡ ናብ 50 ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ድማ፡ ቁጽሪ ናይ'ተን ኣባላት ናይቲ ኮሚቴ ገዛኢና ሃገራት ናብ 24 ይድይብ።

### ዓንቀጽ 6፡- ኣባላት ኮሚቴ ናይ ገዛኢና ሃገራት፡ ኣመራርጻን እዋናት ስራሕን

1. ኣገባብ ኣመራርጻ ናይ ኣባላት ኮሚቴ ገዛኢና ሃገራት፡ ንመትከላት ምዕሩይ ጂኦግራፍያዊ ውክላን ምብርራይን ክምእዘዙ ኣለዎም።
2. ኣባላት ሃገራት ውዕል፡ ኣብ ዘካይደኦ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ፡ ኣባላት ኮሚቴ ገዛኢና ሃገራት፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ናይ ስራሕ እዋን፡ ይምረጽ።
3. እንተኾነ ግን ናይ ስራሕ እዋን ናይ'ተን ኣብ መጀመርያ ምርጫ ዝተመርጻ፡ ኣባላት ኮሚቴ ገዛኢና ሃገራት፡ ፍርቀን፡ ንክልተ ዓመታት ዝተወሰነ እዩ። እዘን ሃገራት እዚኣተን፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ምርጫ፡ ብዕጫ ይምረጻ።
4. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት፡ እቲ ሓፈሻዊ ባይቶ፡ ንፍርቂ ናይተን ኣባላት ኮሚቴ ገዛኢና ሃገራት ክሕድስ ይግባእ።
5. ብተወሳኺ፡ ነቲ ዝተርፍ ክፍት ቦታታት ንምምላእ ዘድሊ፡ ብዝሒ ሃገራት ንኣባልነት ኮሚቴ ይመርጽ።
6. ኣባል ኮሚቴ ገዛኢነት ሃገር፡ ንክልተ ተኸታተልቲ እዋናት ክትምረጽ ኣይትኽእልን።
7. ኣባላት ኮሚቴ ገዛኢና ሃገራት፡ ዝመርጽኦም ወከልተን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ረቂቕ ባህላውያን ውርሻታት ብቕዓት ዘለዎም ውልቀ-ሰባት ክኾኑ ኣለዎም።

### ዓንቀጽ 7፡- ዕማማት ኮሚቴ

በዚ ውዕል እዚ ንዝተዋህባ ካልኦት መሰል-ስልጣናት ብዘየዳሉ መንገዲ፣ ዕማማት ኮሚቴ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን፡-

ሀ. ንዕላማታት ውዕል ምድንፋዕን ንትግባረኡ ድማ ምትብባዕን ምክትታልን፣
ለ. ኣብ ዕቃበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ መምርሒ ናይ ዝተመርጹ ኣሰራርሓታት ምብርካትን ንስጉምትታት ድማ ርእይቶታት ምቕራብን
ሐ. ብመሰረት ዓንቀጽ 25 ድማ፣ ንኣጠቓቕማ ጸጋታት ናይቲ ማዕከን ብዝምልከት ንድፋዊ ወጥን ምድላውን ንኽጸድቕ ድማ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ምቕራብን
መ. ብመሰረት ዓንቀጽ 25፣ ጸጋታቱ ንምዕባይ መንገድታት ሃሰው ምባልን ነዚ ንምትግባር ድማ ኣድለይቲ ስጉምትታት ምውሳድን
ረ. ነዚ ውዕል ንምትግባር፣ ናይ ስራሕ መምርሒታት ብምድላው፣ ንክጸድቂ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ምቕራብን
ሰ. ብመሰረት ዓንቀጽ 29፣ ኑቶም ብኣባላት ሃገራት ዝቐርቡ ጸብጻባት ምምርማርን ሓፈሻዊ ባይቶ ንክጥቀመሎም ድማ ጽሚቖም ምቕራብን
ሸ. ብኣባላት ሃገራት ንዝቐርቡ ሕቶታት ብምምርማር፣ ብመሰረት እቲ ቡቲ ኮሚቴ ተመስሪቱ፣ ብሓፈሻዊ ባይቶ ዝጸድቕ፣ ውድዓዊ ናይ ምርጫ ረቛሒታት ውሳኔ ምሃቦም።

### ዓንቀጽ 8፡- ኣገባባት ስራሕ ኮሚቴ

1. ኮሚቴ ተሓታትነታ ንሓፈሻዊ ባይቶ ይኸውን። ኣብ ኩሉ ንጥፈታታን ውሳኔታታን ድማ ናብኡ ጸብጻብ ተቕርብ።
2. እታ ኮሚቴ፣ ብመንገዲ ክልተ ስልሲት ዓብላሊ ድምጺ ኣባላታ፣ ናይ ባዕላ ሕጋጋት ኣክያይዳ ተጽድቕ።
3. ኮሚቴ፣ ንዝኸነ ዕማማታ ንምስላጥ ኣድላዪ ኮይኑ ዝተራእያ ግዝያውያን ናይ ምምኻር ኣካላት፣ ብግዝያዊ መሰረት፣ ክተቕውም ትኽእል።
4. ኮሚቴ፣ ኣብ ፍሉያት ጉዳያት ንክማኸሩዋ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ረቂቕ ባህላውያን ውርሻታት፣ ዝተፈልጠ ብቕዓት ንዘለዎም መንግስታውያን ወይ ውልቃውያን ኣካላት፣ ከምኡ እውን ውልቀ-ሰባት ናብ ኣኼባታታ ክትዕድም ትኽእል።

### ዓንቀጽ 9፡- ወግዓዊ ምፍላጥ ናይ ኣማኻርቲ ውድባት

1. ኮሚቴ፣ ኣብ ዓውዲ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ዝተፈልጠ ብቕዓት ንዘለዎም ዘይመንግስታውያን ውድባት፣ ብደረጃ ኣማኻርነት ንኮሚቴ ንክነጥፉ መታን፣ ሓፈሻዊ ባይቶ ብወግዒ ንኽፈልጦም እማመ ክተቕርብ ትኽእል።
2. ብተወሳኺ፣ ኮሚቴ ንመምዘኒታትን ቅጥዕታትን ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ወግዓዊ ምፍላጥ ብዝምልከት፣ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ እማመ ተቕርብ።

### ዓንቀጽ 10፡- ሰክረታሪያት

1. ኮሚቴ፣ ብሰክረታሪያት ዩኔስኮ ትሕገዝ።
2. ሰክረታሪያት፣ ንናይ ሓፈሻዊ ባይቶን ኮሚቴን ሰነዳታት የዳሉ፣ ከምኡ እውን ንኣጀንዳታት ኣኼባታቶም ይነድፍ፣ ንትግባረ ውሳኔታቶም ድማ የረጋግጽ።

## 3. ዕቃበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ብደረጃ ሃገር

## ዓንቀጽ 11፡- ተራ ናይ ኣባላት ሃገራት

ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፡-

(ሀ) ንምዕቃብ ናይ ኣብ ግዝኣታ ዘሎ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ንምርግጋጽ፣ ኣድለይቲ ዝኾኑ ስጉምትታት ክትወስድ ይግባእ፣

(ለ) ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ዓንቀጽ 2፣ ሕጡብ-ጽሑፍ 3፣ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ምዕቃብ ስጉምትታት፣ ብተሳትፎ ማሕበረሰባት፣ ጉጅለታትን ኣገደስቲ ዘይመንግስታውያን ውድባትን፣ ነቲ ዝተፈላለዩ ባእታታት ናይቲ ኣብ ግዝኣታ ዘሎ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ምልላይን ምንጻርን።

## ዓንቀጽ 12፡- ዝርዝራውያን ፍቕዲታት

1. ንምዕቃብ ዝዓለመ ምልላይ ንምርግጋጽ፣ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፣ ምስ ኩነታታ ብዝተዛመደ ኣገባብ፣ ኣብ ግዝኣታ ናይ ዝርከብ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ፣ ሓደ ወይ ክልተ ዝርዝራዊ ፍቕድታት ተዳሉ። እዞም ዝርዝራዊ ፍቕድታት እዚኣቶም ድማ በብግዚኡ ይመሓየሹ።
2. ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 29፣ በብወቕቱ ጸብጻባታ ናብታ ኮሚቴ ኣብ እተቕርበሉ እዋናት፣ ነዞም ዝርዝራዊ ፍቕድታት ዝምልከት ኣድላዪ ሓበሬታ ተቕርብ።

## ዓንቀጽ 13፡- ካልኦት ስጉምትታት ዕቃበ

ኣብ ግዝኣታ ናይ ዝርከብ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ዕቃበ፣ ምዕባለን ደፋእታን ንምርግጋጽ፣ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፡-

(ሀ) ንዕማም ናይዚ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ፣ ኣብ ሕብረተሰብ ንኸደፋኣሉን ንዕቃበ ናይዚ ውርሻዚ ኣብ ውጥናዊ ፕሮግራማት ንምጥማርን ዝዓለመ ሓፈሻዊ ፖሊሲ ክተጽድቕ፣

(ለ) ኣብ ግዝኣታ ንዝርከብ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ንምዕቃብ፣ ብቑዓት ኣካላት ምንዳፍን ምምስራትን፣

(ሐ) ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ሓደጋ ንዝርከብ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ፣ ኣድማዒ ዕቃበ ዝዓለመ፣ ስነ-ፍልጠታዊ፣ ተክኒካውን ስነጥበባውን መጽናዕትታት፣ ከምኡ እውን ናይ መጽናዕቲ ስነ-ኣግባባት ምጥጣዕ

(መ) ኣብዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዘለዉ ዕላማታት ዘተኮሩ፣ ግቡኣት ሕጋውያን፣ ተክኒካውያን፣ ምምሕዳራውያንን ፋናንሲያውያንን ስጉምትታት ምጽዳቕ፡-

(1) ንምሕደራ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ውርሻ ዝምህርን ንምርኢት ወይ ገለጻ ናይዚ ውርሻ እዚ ተባሂሎም ብዝቖሙ መጋባኣያታትን ቦታታትን ነዚ ውርሻዚ ንምትሕልላፍ ዝሰርሑ ትካላት ኣብ ምምስራትን ምድልዳልን ምጽዓት።

(2) ንኣኸእሎ ናይ ዝተፈለዩ መዳያት ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ንዝገዝኡ ባህላውያን ልምድታት ብምኽባር፣ ናይዚ ውርሻዚ ኣኸእሎ ምርግጋጽ።

(3) ናይ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ትካላት ሰነዳ ምምስራትን ናብኣቶም ዘሎ ኣኸእሎ ምስላጥን።

## ዓንቀጽ 14፡- ትምህርቲ፣ ምዕባይ ኣፍልጦን ምህናጽ ዓቕምን

ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፣ ብኩሉ ግቡእ ኣገባባት፣ ነዞም ዝስዕቡ ኣተግባብር ክትጽዕት ኣለዋ፡-

(ሀ) ብከምዚ ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘረ ኣገባባት፣ ንኣፍልጦ፣ ምኽባርን ምስሳን ናይ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ ኣብ ሕብረተሰብ ምርግጋጽ፡-

(2) ኣብ ሓፋሽ ህዝቢ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መንእሰያት፣ ዘተኮረ፣ ትምህርታዊ፣ ኣፍልጦ ዘዕብይን ናይ ሓበሬታዊ ፕሮግራማት፣

(2) ኣብ ዝምልከቶም ማሕበረሰባትን ጉጅለታትን ፍሉያት ትምህርታውን ምልመላውን ፕሮግራማት፣
(3) ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ንምዕቃብ፣ ናይ ዓቕሚ ምህናጽ ንጥፈታት፣ ብፍላይ ድማ ምሕደራን ስነ-ፍልጠታውን መጽናዕትታት፣ ከምኡ እውን፣
(4) ዘይወግዓውያን ኣገባባት ምትሕልላፍ ፍልጠት።

(ለ) ብዛዕባ ነዚ ውርሻ እዚ ዘንጸባርቑ ዘለዉ ሓደጋታትን ብመሰረት እዚ ስምምዕ እዚ ዝተገብሩ ንጥፈታትን ንህዝቢ ሓበሬታ ምሃብ፣
(ሐ) ህላውነቶም፣ ንመግለጺ ናይ ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ፣ ኣድላዪ ዝኾኑ ተፈጥሮኣውያን ስፍራታትን ናይ ዝኽሪ ቦታታትን ንምክልኻል፣ ትምህርቲ ምድንፋዕ።

ዓንቀጽ 15፡- ናይ ማሕበረኮማት፣ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ተሳትፎ

ኣብ ውሽጢ ስርዓት ናይቲ ንረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ኣብ ምዕቃብ ዝካየድ ንጥፈታታ፣ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፣ ነዚ ውርሻ እዚ ናይ ዝፈጥሩ፣ ዝናብዩን ዘመሓላልፉን ማሕበረሰባትን ጉጅለታትን፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ድማ ናይ ውልቀሰባትን ተሳትፎ፣ ብዝከኣል መጠን ምስፍሑ ኣብ ምርግጋጽን ኣብ ምሕደራኦም ብንጥፈት ንክተዋስኡምን ክትሰርሕ ኣለዋ።

## 4. ዕቃበ ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ብደረጃ ኣህጉር

ዓንቀጽ 16፡- ወካሊ ዝርዝር ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ደቂ-ሰብ

1. ዝሓሸ ተረኣይነትን ኣፍልጦ ጥቕሚን ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ንምርግጋጽን ንባህላዊ ብዙሕነት ዘኽብር ዝርርብ ንምትብባዕን፣ እታ ኮሚቴ፣ ብእማመ ናይ ዝምልከተን ኣባላት ሃገራት፣ ወካሊ ዝርዝር ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ደቂ-ሰብ፣ ትምስርት፣ በብእዋኑ ተመሓይሽን ትሓትምን።
2. እታ ኮሚቴ፣ ነዚ ወካሊ ዝርዝር ንምምስራት፣ በብእዋኑ ንምምሕያሽን ንምሕታም ዝኾውን መለክዒታት ብምንዳፍ፣ ንክጸድቕ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ተቕርብ።

ዓንቀጽ 17፡- ዝርዝር ናይ ህጹጽ ምዕቃብ ዘድልዮ፣ ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ

1. እታ ኮሚቴ፣ ኣድለይቲ ስጉምትታት ዕቃበ ንምውሳድ ዝዓለመ፣ ዝርዝር ናይ ህጹጽ ምዕቃብ ዘድልዮ ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ ትምስርት፣ በብእዋኑ ተማሓይሽን ትሓትምን፣ ብመሰረት ጠለብ ዝምልከተን ኣባላት ሃገራት ድማ ኻዕምዚ ዝኣመሰለ ውርሻ ኣብቲ ዝርዝር ተስፍርን።
2. እታ ኮሚቴ፣ ነዚ ዝርዝር እዚ ንምምስራት፣ በብእዋኑ ንምምሕያሽን ንምሕታም ዝኾውን መለክዒታት ብምንዳፍ፣ ንክጸድቕ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ተቕርብ።
3. ኣብቲ ውድዓዊ መለክዒታቱ፣ ብታ ኮሚቴ ተኣሚሙ፣ ብሓፈሻዊ ባይቶ ዝጸደቐ፣ ኣዝዩ ህጹጽ እዋናት ድማ እታ ኮሚቴ፣ ምስታ ዝምልኪታ ኣባል ሃገር ብምምኽኻር፣ ነቲ ዝምልከቶ ውርሻዊ ባእታ፣ ኣብቲ ኣብ ሕጡበ ጽሑፍ (1) ተጠቒሱ ዘሎ ዝርዝር ክተስፍሮ ትኽእል።

ዓንቀጽ 18፡- ፕሮግራማት፣ ውጥናትን ንጥፈታትን ንዕቃበ ረቛሒ ባህላዊ ውርሻ

1. ብመሰረት ኣባላት ሃገራት ዘቕረብኦም እማመታትን ብታ ኮሚቴ ተነጺሩ፣ ብሓፈሻዊ ባይቶ ኣብ ዝጸደቐ መለክዒታት ብምምርኳስን፣ እታ ኮሚቴ፣ ንፍሉያት ጸገማት ናይ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ኣብ ግምት ብምእታው፣

ንመትከላትን ዕላማታት ናይዚ ስምምዕ ብዝበለጸ የንጸባርቑ እዮም ዝበሉዎም፣ ሃገራውያን፣ ንኡስ-ዞባውያንን ዞባውያንን ውጥናት፣ ፕሮጀክትታትን ንጥፈታትን በብወቕቱ ትመርጽን ተደንፍዕ።

2. ነዚ ኣብ ምትግባር ድማ፣ ነቲ እማመታት ኣብ ምድላው፣ ካብ ኣባላት ሃገራት ንዝቐርበላ ጠለባት ኣህጉራዊ ሓገዝ፣ ትቕበል፣ ትምርምርን ተጽድቕን።

3. እታ ኮሚቴ፣ ንትግባረ ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ፕሮጀክትታት፣ ፕሮግራማትን ንጥፈታትን፣ ንሳ ብእትውስኖም ኣገባባት ተጠቒማ፣ ብዝርጋሐ ናይ ዝበለጸ ኣገባባት ከተሰንዮም ትኽእል።

## 5. ኣህጉራዊ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን

### ዓንቀጽ 19፡- ምትሕብባር

1. ንዕላማታት ናይዚ ውዕል እዚ ንኸገልግል፣ ኣህጉራዊ ምትሕብባር ማለት፣ ኣብ መንጎ ካልኦት ክግበር ዝግበኦ ምልውዋጥ ሓበሬታን ተመኩሮታትን፣ ሓባራዊ ተበግሶታትን፣ ከምኡውን ኣባላት ሃገራት ንረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ኣብ ምዕቃብ ዝገብርኦ ጻዕርታት ዝሕግዝ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንምቛምን የጠቓልል።

2. ንኩነታት ሃገራዊ ሕጋጋተንን፣ ባህላዊ ሕግታተንን፣ ልምድታተንን ብዘይጸረር መንገዲ፣ ኣባላት ሃገራት፣ ዕቓበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ሓፈሻዊ ረብሓ ደቂ-ሰብ ምዃኑ ብምልላይን ነዚ መፈጸምታ እዚ ንምብጻሕ ድማ፣ ብክልተኣዊ፣ ንኡስ-ዞባዊ፣ ዞባዊን ኣህጉራዊ ደረጃ ንክተሓባበራን ይሰማምዓ።

### ዓንቀጽ 20፡ ዕላማታት ናይ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ

ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ፣ ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ክወሃብ ይኽእል፡-

(ሀ) ነቶም ኣብ ዝርዝር ናይ ህጹጽ ዕቓበ ዘድልዮ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ዝተጠቕሱ ውርሻ ኣብ ምዕቃብ፣

(ለ) ኣብ ምድላው ናይቶም ብመሰረት ዓንቀጽ (11)ን(12)ን ዝትርጎሙ ዝርዝራት፣

(ሐ) ነቶም ብደረጃ ሃገር፣ ንኡስ-ዞባን ዞባታት ዝካየዱ ፕሮግራማት፣ ፕሮጀክትታትን ንጥፈታትን ዕቓበ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ንምድጋፍ።

(መ) እታ ኮሚቴ ኣድላዪ እዩ ኣብ ዝበሎቶ ካልእ ሸቶታት።

### ዓንቀጽ 21፡- ቅጥዕታት ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ

እታ ኮሚቴ፣ ንዝኾነት ኣባል ሃገር እትህቦ ሓገዝ፣ ቡቲ ኣብ ዓንቀጽ (7) ኣቐዲሙ ዝተራእየ ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ቡቲ ኣብ ዓንቀጽ (24) ዝተጠቕሰ ስምምዕን ዝግዛእ ክይኑ፣ ነዚ ዝስዕብ ቅጥዕታት ድማ ክሕዝ ይኽእል፡-

1. ንዝተፈላለዩ መዳያት ዕቓበ ዝምልከቱ መጽናዕታት፣
2. ምቕራብ ክኢላታትን ሞያውያንን
3. ምምልማል ኩሎም ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት፣
4. መለክዒ-ደረጃታት ምቛምን ካልኦት ስጉምትታትን ዝምልከት መብርሂታት ምሃብ፣
5. ምፍጣርን ምክያድን ትሕተ-ቅርጺታት፣
6. ምቕራብ ናውቲን ግብራዊ ክእለትን
7. ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ፣ ትሑት-ወለድ ዘለዎ ለቓሕን ህያባትን ምሃብ ዘጠቓልል፣ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ናይ ፊናንሲያውን ተክኒካውን ሓገዝ።

### ዓንቀጽ 22፡- ንኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ ዝገዝኡ ኩነታት

1. እታ ኮሚቴ፣ ንጠለባት ኣህጉራዊ ሓገዝ ዝኸውን መመርመሪ ኣከያይዳታት ተቕውምን ኣብቲ መሕተቲ ድማ፣ ከም እኒ እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ንክውሰዱ ተገሚቶም ኣለዉን ኣድልዮም ዘለዉ ምትእትታዋትን ዝኣመሰሉ፣

ሕቶታት ክጠቓለሉ ከም ዘለዎም ተነጽርን፣ ከምኡ እውን ንገምጋም ወጻኢታቶም ተቐርብን።

2. ኣብ ህጹጽ እዋናት፣ ኮሚቴ ንናይ ሓገዝ ሕቶታት፣ ቀዳምነት ብምሃብ ክትምርምሮም ኣለዋ።

3. ኣብ ውሳኔ ንምብጻሕ፣ እታ ኮሚቴ፣ ኣድለይቲ እዮም ዝበሎቶም፣ መጽናዕ ትታትን ምምኽኻራትን ክተካይድ ትኽእል።

## ዓንቀጽ 23፡- ሕቶታት ኣህጉራዊ ሓገዝ

1. ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፣ ኣብ ግዝኣታ ንዘሎ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻታት ንምዕቃብ፣ ኣህጉራዊ ሓገዝ ንክማበረላ፣ ናብታ ኮሚቴ ሕቶ ክተቕርብ ትኽእል።

2. ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶ፣ ብክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝበዝሑን ኣባላት ሃገራት ብሓባር ክቐርብ ይኽእል።

3. እቲ ዝቐርብ ጠለብ፣ ነቲ ኣብ ዓንቀጽ 22፣ ሕጡብ-ጽሑፍ 1፣ ተጠቒሱ ዘሎ ሓበሬታ ዘማልኣን ነቲ ኣድላዪ ዝኾነ ሰነዳትን ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ።

## ዓንቀጽ 24፡- ተራ ተጠቀምቲ ኣባላት ሃገራት

1. ምስ ሕጋዊ ኩነታት ናይዚ ውዕል እዚ ብዝወሃሃድ መንገዲ፣ እቲ ዝወሃብ ኣህጉራዊ ሓገዝ፣ ብመሰረት ኣብ መንጎ ተጠቃሚት ኣባል ሃገርን እታ ኮሚቴን ብዝግበር ስምምዕ ይቕየድ።

2. ከም ሓፈሻዊ መምርሒ፣ እታ ተጠቃሚት ኣባል ሃገር፣ ብደረት ጸጋታታ ብዝወሰን፣ ነቲ ኣህጉራዊ ሓገዝ ዝወሃበሉ ዘሎ ስጉምትታት ዕቃብ ንዘድሊ ወጻኢታት ክተበርክት ኣለዋ።

3. እታ ተጠቃሚት ሃገር፣ ነቲ ንዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ተባሂሉ ዝተዋህበ ሓገዝ፣ ብከመይ ከም ዝተጠቕመትሉ ዝምልከት ጸብጻብ ናብታ ኮሚቴ ከተቕርብ ኣለዋ።

# 6. ማዕከን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ

## ዓንቀጽ 25፡- ባህርይን ጸጋታትን ማዕከን

1. "ማዕከን ንዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ"፣ ካብዚ ንደሓር "ማዕከን" ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ድማ ተመስሪቱ ኣሎ።

2. ማዕከን፣ ነቶም ብመሰረት ፋናንስያዊ ሕጋጋት ዩነስኮ ዝተመስረተ እኩብ ብሕድሪ ዝተቐመጠ ገንዘብ ዘጠቓለለ እዩ።

3. ምንጭታት ናይዚ ማዕከን እዚ ድማ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-
   (ሀ) ብኣባል ሃገራት ዝግበር ውጽኢታት፣
   (ለ) ነዚ ዕላማ ተባሂሉ፣ ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዩኔስኮ ዝተመደበ እኩብ ገንዘብ፣
   (ሐ) በዞም ዝስዕቡ ኣካላት ክግበሩ ዝኽእሉ፣ ኣበርክቶታት፣ ህያባት ወይ ሓድግታት፡-
      (1) ካልኦት ሃገራት
      (2) ኣብ ውሽጢ ስርዓት ናይ ሕቡራት ሃገራት ዝርከባ ውድባትን ፕሮግራማትን፣ ብፍላይ ድማ ፕሮግራም ምዕባለ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባትን፣
      (3) ህዝባውያን ወይ ብሕታውያን ኣካላት ወይ ውልቀሰባት፣
   (መ) ካብ ጸጋታት ናይቲ ማዕከን ዝርከብ ወለድ፣
   (ረ) ብውጽኢታት ዝርከብ ገንዘብን ንረብሓ ናይቲ ማዕከን ተባሂሉ ኣብ ዝተወደበ ኣጋጣሚታት ብዝርከብ ገንዘብን፣
   (ሰ) ብቶም እታ ኮሚቴ እትነድፎም ሕጋጋት ናይቲ ማዕከን፣ ዝተፈቕዱ፣ ዝኾኑ ይኹኑ ጸጋታት።

4. እታ ኮሚቴ እትትግብሮም ኣጠቓቕማ ጸጋታት፣ ብመሰረት እቶም ሓፈሻዊ ባይቶ ዝሕግጎም መምርሒታት ይውሰኑ።
5. እታ ኮሚቴ፣ ንሓፈሻዊን ፍሉያትን ዕላማታት ናይ ዝተነጸሩ ፕሮጀክትታት ዝወዕል፣ ወፈያታትን ወይ ካልኦት ዓይነት ሓገዝት ክትቕበል ትኽእል። እንተኾነ ግን እዚ፣ እቶም ፕሮጀክትታት ብታ ኮሚቴ ዝጸደቑ ምስ ዝኾኑ ጥራይ እዩ።
6. እቶም ናብዚ ማዕከን እዚ ዝግበሩ ወፈያታት፣ ምስ ዕላማታት ናይዚ ውዕል እዚ ምስ ዘይሳነዩ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ ወይ ካልእ ቅድመ-ኩነታት ክተሓሓዙ የብሎምን።

## ዓንቀጽ 26፡- ኣባላት ሃገራት ንማዕከን ዝገብራኦ ውጽኢታት

1. ኣባላት ሃገራት ንዝገብራኦ ተወሳኺ ወለንታዊ ወፈያታት ብዘይጸረር መንገዲ፣ ኣባል ሃገራት ናይዚ ውዕል፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት፣ ናብዚ ማዕከን እዚ ውጽኢታት ንኽገብራ ይሰማምዓ። ብዝሒ ናይዚ ውጽኢት ድማ፣ ብመልክዕ ንኹለን ሃገራት ዝምልከት ዘይቀያየር ሚእታዊት፣ ብሓፈሻዊ ባይቶ ይውሰን። እዚ ውሳኔ ሓፈሻዊ ባይቶ እዚ፣ ብዓብላሊ ድምጺ ናይ ኣብ ግዜ ምድማጽ ዝተረኸባን ድምጸን ዝሃባን ኣባላት ሃገራት ዝትግበር ኮይኑ፣ እተን ኣባላት ሃገራት ነቲ ኣብ ሕጡብ-ጽሑፍ 2 ናይዚ ዓንቀጽ ተጠቒሱ ዘሎ ምእዋጅ ዘይገበራ ምስገኾና እዩ። ኣብ ትሕቲ ገሸነ ደኹን ኩነታት ድማ፣ እቲ ሓንቲ ኣባል ሃገር እትገብሮ ውጽኢት፣ ልዕሊ 1% ናይቲ ንምዱብ ባጀት ናይ ዩኔስኮ እትገብሮ ውጽኢት፣ ክኸውን የብሉን።
2. እንተኾነ ግን፣ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዓንቀጽ 32 ወይ ዓንቀጽ 33 ናይዚ ውዕል እዚ ዝተጠቕሰት ኣባል ሃገር፣ ነዚ ውዕል ብፌርማ ዘረጋግጽ፣ ዝቕበሎ፣ ዘጽድቕ ወይ ዝወሰኸሉ ሕጋዊ ሰነዳት ኣብ እተቕርበሉ እዋን፣ ብሕጋዊ ኩነት ናይ ሕጡብ-ጽሑፍ 1 ናይዚ ዓንቀጽ፣ ከም ዘይትቕየድ ክትእውጅ ትኽእል።
3. እታ ነዚ ኣብ ሕጡብ-ጽሑፍ 2 ናይዚ ዓንቀጽዚ ዝተጠቕሰ ኣዋጅ ዝገበረት ኣባል ሃገር፣ ነቲ ዝገበረቶ ኣዋጅ ክትስሕብ ምስ እትደሊ፣ ንዳይረክተር ጀነራል ዩኔስኮ ብምሕባር፣ ክትፍጽሞ ትኽእል። እንተኾነ ግን፣ እዚ ምስሓብ ኣዋጅ እዚ፣ እቲ ዝቕጽል ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝኸፈተሉ ዕለት ክሳብ ዝበጽሕ፣ እታ ኣባል ሃገር ክትከፍሎ ንዝግበኦ ሀሉው ውጽኢታታ ዝጸልዎ ኣይኮነን።
4. እታ ኮሚቴ፣ ንስርሓ ብብቕዓት ክትውጥን ንኽትክእል መታን፣ ውጽኢታት፣ ናይተን ነቲ ኣብ ሕጡብ-ጽሑፍ 2 ናይዚ ዓንቀጽ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኣዋጅ ዝገበራ ኣባላት ሃገራት፣ ብስሩዕ ኣገባብ፣ እንተወሓደ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት ክትግበርን ብዝተኻእለ መጠን ድማ፣ ምስቲ እዘን ኣባላት ሃገራት ብሕጋዊ ኩነት ናይ ሕጡብ-ጽሑፍ ናይዚ ዓንቀጽ ዝቕየዳ ነይረን እንተዝኾና፣ ክኸፍለኦ ዝግበአን ውጽኢታት ተቐራራቢ ክኸውንን ይግበእ።
5. ዝኾነት ትኹን ናይዚ ውዕል ኣባል ዝኾነት ሃገር፣ ኣብ ክፍሊት ናይታ ሀሉውቲ ዓመት እቲኣን ናይታ ብቐጥታ ቅድሚኣ ዘላ ናይ ካለንደር ዓመትን፣ ግዴታዊ ወይ ወለንታዊ ውጽኢታታ፣ እንተደኣ ደንጕያ ኣላ፣ ኣባል ናይታ ኮሚቴ ንክትከውን ብቕዓት የብላን፤ እንተኾነ ግን እዚ ኩነት እዚ፣ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ምርጫ፣ ተፈጻምነት የብሉን። እዋን ስራሕ ናይ ኣቐዲማ ኣባል ኮሚቴ ኮይና ዝጸንሐት፣ ከምዚ ዝኣመሰለት ሃገር፣ ኣብ እዋን ናይቲ ኣብ ዓንቀጽ 6 ናይዚ ውዕልዚ ተጠቒሱ ዘሎ እዋን ምርጫ፣ የብቅዕ።

## ዓንቀጽ 27፡- ናብ ማዕከን ዝግበሩ ወለንታዊ ተወሰኽቲ ውጽኢታት

ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ዓንቀጽ 26 ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ውጽኢታት፣ ካልእ ወለንታዊ ተወሳኺ ውጽኢታት ክገብራ ዝደልያ ኣባላት ሃገራት፣ እታ ኮሚቴ መታን ስርሓታ ብኡ መሰረት ንኽትውጥን ንክኽእላ፣ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን፣ ነታ ኮሚቴ ይሕብራ።

### ዓንቀጽ 28፡- ኣህጉራውያን ናይ እካበ-ገንዘብ ዘመተታት

እተን ኣባላት ሃገራት፣ ብዝተኻእለ መጠን፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዩኔስኮ ከይኑ ንረብሓ ናይቲ ማዕከን ተባሂሉ ንዝተወደበ ኣህጉራዊ ናይ እካበ-ገንዘብ ዘመተታት፣ ደገፉተን ክበርክታ ኣለወን።

## 7. ጸብጻባት

### ዓንቀጽ 29፡- ብኣባል ሃገራት ዝቐርብ ጸብጻባት

እተን ኣባላት ሃገራት፣ ነቲ በታ ኮሚቴ ዝንጸር ቅጥዒታትን ወቕትታትን ብምኽታል፣ ነዚ ውዕል እዚ ንምትግባር ተባሂሉ ናይ ዝተወሰደ ሕጋጊ፣ ተቖጻጻሪን ካልኦትን ስጉምትታት ጸብጻብ፣ ናብ ኮሚቴ የቕርባ።

### ዓንቀጽ 30፡- ብኮሚቴ ዝቐርብ ጸብጻብ

1. እታ ኮሚቴ፣ ብመሰረት እቲ ኣብ ዓንቀጽ 29 ተጠቒሱ ዘሎ፣ ኣባላት ሃገራት ዝገብርኦ ጸብጻባትን እቲ ንሳ እተካይዶ ንጥፈታታን፣ ሓፈሻዊ ባይቶ ኣኼባኡ ኣብ ዘካይደሉ ነፍሲ ወከፍ እዋን፣ ጸብጻባ ተቕርብ።
2. እቲ ጸብጻብ ኣብ ቅድሚ ቀላሕታ ናይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ዩኔስኮ ክቐርብ ኣለዎ።

## 8. ሃገር-ሰገራዊ ዓንቀጽ

### ዓንቀጽ 31. ምስ ኣዋጅ ብሉጽ-ስራሓት ኣፉውን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ደቂ-ሰብን ዘሎ ዝምድና

1. እዚ ውዕል እዚ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ፣ እታ ኮሚቴ ነቶም "ብሉጽ-ስራሓት ኣፉውን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ደቂ-ሰብን" ተባሂሎም ዝተኣወጁ ነጥብታት፣ ኣብቲ ወካሊ ዝርዝር ናይ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ደቂ-ሰብ ክትጽንብሮም ኣለዋ።
2. እቲ ነዞም ነጥብታት እዚኦቶም፣ ኣብቲ ወካሊ ዝርዝር ናይ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ደቂ-ሰብ ናይ ምጽንባሮም ተግባር፣ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ፣ ነቶም ብመሰረት ዓንቀጽ 16፣ ሕጡብ-ጽሑፍ 2፣ ዝውሰኑ፣ ናይ መጻኢ ጽሑፋት መምዘኒ ረቛሒታት፣ ኣቀዲሞም ኣይፈርድዎምን እዮም።
3. እዚ ውዕል እዚ ኣብ ግብሪ ካብ ዝወዓለሉ እዋን ንደሓር፣ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ ኣዋጅ ኣይክእወጅን እዩ።

## 9. ናይ መወዳእታ ዓንቀጻት

### ዓንቀጽ 32፡- ብኸታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ ወይ ምጽዳቕ

1. ብመሰረት እቲ ዝምልከቶ ቅዋማዊ ኣካይዳታት፣ እዚ ስምምዕ እዚ፣ ብኸታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ ወይ ምጽዳቕ ኣባላት ሃገራት ዩኔስኮ ይግዛእ።
2. እቶም ሕጋውያን ሰነዳት ብኸታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ ወይ ምጽዳቕ፣ ምስ ዳይረክተር ጀነራል ዩኔስኮ ይቕመጡ።

### ዓንቀጽ 33፡- ምቕባል/ምስምማዕ

1. እዚ ስምምዕ እዚ፣ ነተን ኣባላት ሃገራት ዩኔስኮ ዘይኮና፣ ግን ከኣ ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዩኔስኮ፣ ነዚ ስምምዕ እዚ ንክቕበላኦ፣ ዝተዓደማ ሃገራት፣ ንክቕበል ክፉት እዩ።

2. እዚ ስምምዕ እዚ፣ ነቲን ምሉእ ርእሰ-ምምሕዳር ከም ዘለወን ብሕቡራት ሃገራት ዝተረጋገጸለን፣ ግን ከኣ ብመሰረት ሓፈሻዊ ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት 1514(-) ምሉእ ናጽነተን ዘይረኸባን በዚ ስምምዕ እዚ ንዝግዛእ ኣርእስትታት፣ ከም እኒ ንከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስምምዓት ንምኽታም ዘድሊ ብቕዓት ንዘለወን ግዝኣታት፣ ንክቕበል ክፉት እዩ።

3. እቶም ሕጋውያን ሰነዳት ምቕባል፣ ምስ ዳይረክተር ጀነራል ዩኔስኮ ክቕመጡ ኣለዎም።

ዓንቀጽ 34፡- ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ግዜ

እዚ ውዕል እዚ፣ እቲ መበል ሰላሳ ናይ ብኽታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ፣ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ሕጋዊ ሰነድ ካብ ዝተረከበሉ ዕለት፣ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ግብሪ ይውዕል። እዚ ኣብ ግብሪ ምውዓል እዚ ግን፣ ነተን እብዛ ዝተጠቕሰት ዕለት ወይ ቅድሚኡ ዘሎ እዋናት፣ ነቲ ናይ ብኽታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ፣ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ሕጋዊ ሰነዳተን ንዘረከባ ሃገራት ጥራይ እዩ ዝምልከት። ንዝኾነት ትኹን ካልእ ኣባል ሃገር ብዝምልከት ግን፣ እታ ሃገር ነቲ ናይ ብኽታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ፣ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ሕጋዊ ሰነዳ ካብ ዘረከበትሉ ዕለት ድሒሩ ኣብ ዘሎ ሰለስተ ኣዋርሕ፣ ኣብ ግብሪ ይውዕለላ።

ዓንቀጽ 35፡- ፌደራላውያን ወይ ዘይ-ሕብረታዊያን ስርዓተ ቅዋማት

እዞም ዝስዕቡ ኩነታት-ሕጊ፣ ነተን ፌደራላውያን ወይ ዘይ-ሕብረታዊያን ስርዓተ ቅዋማት ዘለወን ኣባላት ሃገራት ዝምልከት እዩ፡-

1. ነቲ ትግባረኡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ-ሕጊ ናይ ፌደራላዊ ወይ ማእከላይ ሓጋጊ ኣካል ዝወድቕ፣ ዓንቀጻት ናይዚ ውዕል እዚ ብዝምልከት፣ እቲ ግዴታታት ናይቲ ፌደራላዊ ወይ ማእከላይ ሓጋጊ ኣካል፣ ልክዕ ከምቲ ናይተን ፌደራላውያን ዘይኮና ኣባላት ሃገራት ይኸውን።
2. ነቲ ትግባረኡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ-ሕጊ ናይ በቲ ቅዋማዊ ስርዓት ናይቲ ፌደሬሽን ሓጋጊ ስጉምትታት ንክወስዳ ዘይግደዳ፣ ኣቕወምቲ ኣካላት ዝኾና ውልቃውያን ክፍለ-ሃገራት፣ ሃገራት፣ ኣውራጃታት ወይ ወረዳታት ዝወድቕ ዓንቀጻት ናይዚ ውዕልዚ ዝምልከት እንተደኣ ኮይኑ ግን፣ እቲ ፌደራላዊ መንግስቲ፣ ብዛዕባ እዞም ዓንቀጻትን ምጽዳቕምን ብዝምልከት፣ ነቶም ዝምልከቶም ኣካላት ናይተን ዝተጠቕሳ ክፍለ-ሃገራት፣ ሃገራት፣ ኣውራጃታት ወይ ወረዳታት ክሕብር ኣለዎ።

ዓንቀጽ 36፡- ኩነና

1. ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገር፣ ነዚ ውዕል እዚ ክትኩንን መሰል ኣለዋ።
2. እዚ ኩነና እዚ ብሕጋዊ ሰነድ ጌርካ ዝሕበር ኮይኑ፣ ምስ ዳይረክተር ጀነራል ዩኔስኮ ድማ ይቕመጥ።
3. እዚ ኩነና እዚ፣ ድሕሪ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ናይ ምቕባል ናይቲ ሕጋዊ ሰነድ ኩነና፣ ኣብ ግብሪ ይውዕል። እቲ ናይታ ኣባል ሃገር ምንስሓብ ኣብ ግብሪ ክሳብ ዝውዕል፣ እዚ ኩነና እዚ ንፋይናንሲያዊ ግዴታታት ናይታ ነዚ ስምምዕ እዚ ዝኮነነት ኣባል ሃገር ዝጸሉ ኣይኮነን።

ዓንቀጽ 37፡- ዕማማት ምቕማጥ

ዳይረክተር ጀነራል ዩኔስኮ፣ ከም ኣቐማጢ ናይዚ ውዕል እዚ፣ ንዝኾነ ደኹን ናይቶም ኣብ ዓንቀጽ 32፣ ከምኡውን ዓንቀጽ 33 ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ብኽታም ምርግጋጽ፣ ቅባለ፣ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ሕጋዊ ሰነዳትን ናይቶም ኣብ ዓንቀጽ 36 ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ኩነና ሕጋዊ ሰነዳ ኣብ ዝቕበለሉ እዋን፣ ንኣባላት ሃገራት ውድብ፣ ኣብ ዓንቀጽ 33 ዝተጠቕሳ ኣባላት ውድብ ዘይኮና ሃገራት፣ ከምኡውን ንሕቡራት ሃገራት ይሕብር።

### ዓንቀጽ 38፥- ምምሕያሻት

1. ዝኾነት ኣባል ሃገር፡ ናብ ዳይረክተር ጀነራል ብዝሕበር ጽሑፍ ኣቢላ፡ ኣብዚ ውዕል ክግበር ንዝኽእል ምምሕያሻት ክትእምም ትኽእል። እቲ ዳይረክተር ጀነራል ድማ፡ ነዚ መልእኽቲ እዚ፡ ናብ ኩለን ኣባላት ሃገራት ይዝርግሖ። እንተደኣ እዚ መልእኽቲ ካብ ዝተዘርጋሓሉ ኣብ ዘሎ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውሽጢ፡ ካብ ፍርቂ ናይ ጠቕላላ ኣባላት ሃገራት ብዘይውሕድ ቁጽሪ፡ እዚ ጠለብ እዚ ደገፍ እንተደኣ ረኺቡ፡ እቲ ዳይረክተር ጀነራል ነዚ እማመ እዚ፡ ንክዝተይን እንተተኻኢሉ እውን ንክጸድቕን፡ ኣብቲ ቀጺሉ ዝህሉ ኣኼባ ናይ ሓፈሻዊ ባይቶ የቕርቦ።
2. ምምሕያሻት፡ ብኽልተ ስልሲት ድምጺ ናይተን ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኸባን ዘድመጻን ኣባላት ሃገራት ይጸድቁ።
3. ምምሕያሻት ናይዚ ውዕል እዚ፡ ኣብ ዝጸደቑሉ እዋን፡ ብኸታም ምርግጋጽ፡ ቅባለ፡ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ንክረኽቡ ናብተን ኣባላት ሃገራት ይቐርቡ።
4. እቶም ምምሕያሻት፡ ብኸምቲ ኣብ ሕጡበ-ጽሑፍ ሰለስተ ናይዚ ዓንቀጽ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ብኸታም ምርግጋጽ፡ ቅባለ፡ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል፡ ናይ ክልተ ስልሲት ናይተን ኣባላት ሃገራት ምስረኸበ፡ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ናይቲ ናይ ምቕባል ሕጋዊ ሰነዳት ምርካቡ፡ ኣብ ልዕሊ እተን ዝደገፍኦ ኣባላት ሃገራት ጥራይ ተፈጻምነት ይህልዎ። ብድሕሪኡ፡ ዝኾነት ኣባል ሃገር፡ ነዚ ምምሕያሽ፡ ብኸታም ምርግጋጽ፡ ቅባለ፡ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ምስ እትገብረሉ፡ እዚ ምምሕያሽ እዚ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ናይቲ ብኸታም ምርግጋጽ፡ ቅባለ፡ ምጽዳቕ ወይ ምቕባል ሕጋዊ ሰነድ ዘረከበትሉ ግዜ ኣብ ዘሎ እዋን ጀሚሩ ኣብ ልዕሊኣ ተፈጻምነት ይህልዎ።
5. እዚ ኣብ ሕጡበ-ጽሑፋት ሰለስተን ኣርባዕተን ተጠቒሱ ዘሎ ኣሰራርሓታት፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ዓንቀጽ 5 ተጠቒሱ ዘሎ፡ ንብዝሒ ኣባላት ሃገራት ናይታ ኮሚቴ ዝምልከት ኩነት-ሕጊ፡ ተፈጻምነት የብሉን። እዞም ምምሕያሻት እዚኦም ኣብቲ ዝጸደቕሉ እዋን፡ ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።
6. እዞም ምምሕያሻት፡ ብመሰረት ሕጡብ-ጽሑፍ ኣርባዕተ ናይዚ ዓንቀጽ እዚ፡ ኣብ ግብሪ ድሕሪ ምውዓሎም፡ ኣባል ናይዚ ውዕል ዝኾነት ሃገር፡ ካልእ ዝተፈልየ ሓሳብ ክምዘለዋ እንተደኣ ዘይገሊጻ ብኸምዚ ዝስዕብ ትቑጸር፡-
   (ሀ) ከም ኣባል ናይዚ ዝተማሓየሸ ውዕል፡
   (ለ) ምስ ካልእ በቲ ምምሕያሻት ዘይትቕየድ ዝኾነት ኣባል ሃገር ኣብ ዘለዋ ዝምድናታት፡ ከም ኣባል ናይቲ ዘይተመሓየሸ ውዕል።

### ዓንቀጽ 39፥- መግዓውያን ሰነዳት

እዚ ውዕል እዚ ብቛንቛታት ዓረብ፡ ቻይና፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሳይ፡ ሩስያን ስጳኛን ዝጸሓፍ ኮይኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ናይዞም ሽዱሽተ ሰነዳት እዚኣቶም ማዕረ መግዓውነት ኣለዎም።

### ዓንቀጽ 40፥- ምዝገባ

ምስ ዓንቀጽ 102 ናይ ቻርተር ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝሳነ መንገዲ፡ እዚ ውዕል እዚ፡ ብጠለብ ዳይረክተር ጀነራል ዩኔስኮ መሰረት፡ ኣብ ሰክረታሪያት ሕቡራት ሃገራት ይምዝገብ።